## ዝበለጸ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣባላት ስድራኻ ናብ ፊንላንድ መንበሪ ፍቃድ ክሓትሉ ዝኽእሉ ተክእሎታት

ኣባላት ስድራኻ/ኺ ናብ ፊንላንድ ንክመጹ መንበሪ ፍቓድ ክሓቱ ይኽእሉ ኢዮም። መብዛሕትኡ ግዜ መንበሪ ፍቃድ ንክትረክብ እ'ኹልን ጭቡጥን ዝኾነ ሓቤሬታ ክህልወካ ኣለዎ።

እዚ መእተዊ እዚ ዝምልከተካ ናብ ፊንላንድ ካብ እትኣቱ ከም ስደተኛ ቅቡል ዝኾነሉ ዕለት ኣብ **1 ሓምለ 2016** ወይ **ድሕሪኡ** ምስ ዝኸውን ኢዩ።

እንድሕር ደኣ ቅድሚ ናብ ፊንላንድ ምእታውካን ዑቅባ ምሕታትካን ኣባላት ስድራቤት ኔሮሙኻ ወይ ድማ ቅድሚ ከም ዑቅባ ዝሓተቱ ስደተኛ ምቅባልናን ስድራ ኔሮሙኻ/ኺ፡**እቲ/ታ ኣባል ናይ ስድራኻ ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ናይ ኣታዊታትካ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ መንበሪ ፍቓድ ክሓቱ ይኽእሉ ኢዮም።**እዚ ገደብ ግዜ እዚ ካብታ ከም ስደተኛ ዑቅባ ሓቲትካ ውሳኔ ዝተወሃብካላ ወይ ዝተቀበልናልካ ግዜ ይጅምር።

ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ'ውን ኣባል ናይ ስድራኻ በቲ ሕጊ መሰረት ናይ ምጽንባር ስድራቤታት ዝፈቅዶ መንበሪ ፍቃድ ክሓትት ይኽእል ኢዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ከምቲ ካልኦት ስድራቤታት ንክጽንበራ መንበሪ ፍቃድ ክሓታ ከለዋ ዘድልየን ደገፋት ከድልዮም ኢዩ። እንድሕር ደኣ ከም ስድራቤት ድሕሪ ኣብ ፊንላንድ ዕቑባ ምሕታትካ ወይ ዑቅባኻ ምቅባልና ጀሚርካዮ ግን፡ ሕቶ ናይ ኣታዊታትካ ከምቲ ሕጊ ዝእዝዞ ክኸውን ኣለዎ።

ንኩሉ መስርሓትካ ከምቲ ዝግብኦ መጠን ገንዘብ ክትከፍል ኣለካ። ኩሉ ክፍሊት ብዛዕባ መስርሕ ምጽንባር ስድራቤት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ኣገልግሎት ስደተኛታት ፊንላንድ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

### ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ከመይ ጌርካ መስርሕ ትጅምር:

እቲ ወረቃቅቲ ናይ መስርሕ መንበሪ ፍቃድ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝርከብ ልኡኽ(ኤምባሲ ወይ ቖንስል) ናይ ሃገረ ፊንላንድ ተረክቦ። ኩሎም ኣብቲ መስርሕ መንበሪ ፍቃድ ዘለዉ ሰባት ዋላ'ውን ቆልዑት ከይተረፉ፡ ብኣካል ናብቲ ልኡኽ ክርከቡ ኣለዎም። ምድላዋት መስርሕ መንበሪ ፍቃድ ኩሉ ኣብ ሓደ ግዜ ክኸውን ኣልዎ፡ እንተኾነ ግን ክሳብ ውሳነኻ ትወሃብ ክጸንሕ የብሉን። ንኣብነት ኣባል ስድራኻ ነቲ መስርሕ ናይ መንበሪ ፍቃድ ናብ ልኡኽ ናይ ፊንላን ንምርኻብ ምናልባሽ ቪዛ ከድልዮ ይኽእል ይኸውን። ኣባል ስድራኻ ኣብቲ ናይ ግዜ ገደብ ናብ ናይ ፊንላንድ ልኡኻ ኣብቲ ዝግብኦ ግዜ ናይ ምብጻሕ ናትካ ሓላፍነት ኢዩ።

ነቲ ሰነዳትካ ብከመይ ወይ ኣበየናይ ልኡኻ ናይ ፊንላንድ ከም ተረክቦ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ኣገልግሎት ስደተኛታት ፊንላንድ ኣረጋግጽ። እቲ ኣገልግሎት ስደተኛታት ናይ ፊንላንድ ኣበየናይ ልኡኻ ናይ ፊንላንድ ነቲ መስርሕ ምጽንባር ናይ ኣባል ቤተሰብ ከም ትጅምሮ ኣየገድሶን ወይ ናይትኻ ምርጫ ኢዩ።

ከም ሕጊ፡ ሰነዳት መስርሕ ንምርካብ ናይ ግድን ቆጸራ ክትሕዝ ኣለካ። ነቲ ቆጸራ ድማ ብኢ-መይል ጥራይ ኢኻ ክትገብሮ እትኽእል፡ እንድሕር ደኣ እቲ ምርካብ ሰነዳት መስርሕ ዝተፈለየ ኮይኑ ቆጸራ ምሓዝ ኣየድልየካን ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ሰነድ መስርሕ ምጽንባር ስድራቤት ናይ ግድን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብቲ ልኡኽ ከተረክብ ኣለካ። እንድሕር ደኣ ምርካብ መስርሕ ሰነዳት ቆጸራ ዘድልዮ ኮይኑ ግን፡ ብዝቖልጠፈ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ምስቲ ልኡኽ ርክባት ብምግባር ነቲ ሰነዳት መስርሕ ምጽንባር ስድራቤት ንምርካብ ቆጸራ ክትሕዝ ኣለካ። ቆጸራ ክትሕዝ ከለኻ፡ ኩሎም ኣባላት ስድራቤት ኣብቲ ሰንድ መስርሕ ምጽንባር ስድራቤት መንበሪ ፍቃድ ዝሓቱ ዘለዉ ሰባት ነቲ ልኡኽ ብኢ-መይል ክትሕብር ኣለካ። ከምኡ'ውን ምሉእ ኣስማቶም፡ ልኽዕ ዕለት ልደቶም፡ ዜግነቶም፡ ዝምድናኦም ምሳኻ፡ ከምኡ'ውን ናትካ ምሉእ ስም፡ ዕለት ልደት፡ ዜግነትን ኣገልግሎት ስደተናታት ፊንላንድ ዝሃበካ ቁጽሪ ዓሚልን ሓብር።

ከምቲ ኣብዚ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ኣገባብ ምስቲ ልኡኽ ናይ ፊንላንድ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ውሳነ ካብ ዝወሃበካ ርክብ ጌርካ፡ እንተኾነ ግን ብምኽንያት ምድንጓያት ናይቲ ልኡኻ ፊንላንድ ሰነዳት መስርሕ ምጽንባር ስድራቤት ንምርካብ ኣብቲ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ቆጻራ ዘይረኸብካ እንተኴንካ፡ ኣባላት ስድራቤትካ ብዘይ ዝኾነት ሕቶ ናይ ኣታዊታት መንበሪ ፍቃድ ክሓቱ ይኽእሉ ኢዮም። እዚ ግን ነቲ ዝተዋህቦም ግዜ ናይ ምርካብ ሰነድ መስርሕ ስድራቤት ኣብ ግምት ዘእተወ ኢዩ።እንድሕር እቲ ምድንጓይ ካብ ሰለስተ ኣዋርሕ ብናይ ፊንላንድ በዓል መዚ ስልጣን እንተዘይኮይኑ፡ ጽኑዕ ደግፍ ከድልየካ እዩ።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ኣገልግሎት ንስደተኛታት ፊንላንድ ተወሳኺ ሓቤሬታ ብዛዕባ ኣድላይነት ኣታዊታት ክትረክብ ኢኻ።